# ዋልታ

2ኛ ዓመት ቁፅሪ 17 ሚያዝያ 1997 ዓ.ም | ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን ቤት ፅሕፈት ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤቾ ኣይ ቪ/ኤድስ/ ክልል ትግራይ



Human-to-Human Aid Program
HHAP
Mekelle


## ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ኢትዮጵያዊ ንጉደና ሓደር ሓጊዞም



ዶክተር ኣታኽልቲ ተ/ሃይማኖት ምስ ጎደና ሓደር ሰገናት ኣብ ኣዋን ርክክብ ደብተር ዕቑሪት

ዶክተር ኣታኽልቲ ተክለሃይማኖት ዝበሃሉ ኣብ ኔዘርላንድ ዝነብሩ ውልቀ ሰብ ምስ NOVIB /ኖቪብ/ ዝተባህለ ዶብ ሰገር ገባሪ ሰናይ ብምትሕብባር ኣብ መቐለን ከባቢኣን ንዝርከቡ 30 ዕጉማትን ደኸታማትን ጎደና ሓዳር ህፃናት ዝተፈላለዩ ናይ ናውትን ገንዘብን ሓገዝ ሂቦም።

እቶም ዕጉማት ህፃናት ብቐጥታ ካብ ጎደናን ቤት ትምህርትን ዝተኣኻኸቡ እንትኾኑ 5 ካብ ኲሓ 10 ካብ ኣይናለም 3 ካብ መቐለ 12 ካብ ዝተፈላለዩ ዞባታት ዝመፁ እዮም። እዚኦም ኣብ 'ወገን ንወገን ተራድኦ ማሕበር መቐለ' ዝተሓቑፉ ጎደና ሓደር ህፃናት እንትኾኑ ብድምር 30 ጉደና ሓደር ከምዝኾነ ግልፂ ተገይሩ። ካብዚኦም ንቶም 14 ጉደና ሓደር ስራሖም ዓርሶም

ኣብ ወፃኢ ናብ ገፅ 10 ይዘውር

ኣብ ወፃኢ ካብ ገፅ 1 ዝዘረ

ንክኽእሉ ዝኽእል ናይ ጫማ መፅረጊ ሓፂን ገዛ ተሰሪሑ ከምዝተዋሃቦምን። ብድምር ነዚ ንመስርሒ D¥ 24,920 ቅርሺ ወፃኢ ዝተገበሮ ከምዝኾነ እውን ተሓቢሩ። ከምኡ'ውን ኮበርታ፣ ዓራት፣ ፍራሽ ጡጥ፣ ኣንሶላ፣ ክዳን፣ ሽጓማን ንሕድሕዶም ተገዚኡ ዝተዋሃቦም እንትኾውን ብተወሳኺ ናይ ሓደ ዓመት ናይ መንበሪ ገዛ ክራይ ከምዝተኸፈለሎም እውን ሰራሕ መካየዲ ወገን ንወገን ተራድኦ ማሕበር ኣይተ ቴድሮስ ኣሱሌ ገሊፆም።

ብዘይካ'ዚ'ውን እቶም ጎደና ሓደር በቲ ዝተገዝኣሎም ናውትታት እናሰርሑ በኡ ኣቢሎም ድማ እናጎልበቱ እንተኸይዶም ገንዘብ ከዓቑርሉ ዝኽእል ደፍተር ተዳሊይሎም። እቲ ደፍተር እውን ንግዚኡ ኣብ ዝፀገሞም ንኸውዕእዎ ብዘኽእል መንገዲ ብዝተመቻቸ መልክዕ ኣብ ደደቢት ትካል ፍትሓዊ ልቓሕን ምዕቋርን መዋህለሊ ንሕድሕዶም ን30 ጎደና ሓዳር ኣብ ሒሳብ ደብተሮም 500 ብር ብድምር 15 ሽሕ በብሽሞም ከም ዝተቐመጦሎም ኣይተ ቴድሮስ ኣመልኪቶም።

ብሓፈሻ ንዞም ጎደና ሓደር ብናውትን ብገንዘብን ወፃኢ ዝተገበረሎም 68,972 ቅርሺ እንትኸውን እዚ ብዶክተር ኣታክልቲ ተክለሃይማኖትን ብኖቪብ ዝተባህለ ገባሪ ሰናይን ምትሕብባር ተዋሂቡ ዘሎ ሓገዝ እቶም ህፃናት ኣብ ስራሕ ተዋፊሮም ዘላቒ ፍታሕ ብዘመፅእ መንገዲ ንክሰርሑን ንከማሃሩን ጥጡሕ ባይታ ዝፈጥር ምኻኑን እቲ ሓገዝ'ውን ቀፃልነት ዘለዎ ከምዝኾነ ኣይተ ቴድሮስ ግልፂ ገይሮም እዮም።



Grain Mill assistance to Gibruk, Mekelle women